# Smittskydd Skåne

**ቱበርኩሎሲስ: ቲቢ (ዓባይ ሰዓል): ሓበሬታ ንሕሙማት (2016-05-03)**

*ብሓካይም ምክልኻል ለበደ ዚወሃብ: ቈጽሊ ሓበሬታ ሕማም ለበደ*

**እዚ ሓበሬታ ንምንታይ ኣድለየ፧**

ቲቢ ስለ ዘሎካ ወይ ከም ዘሎካ ስለ ትጥርጠር ሕክምና ከድልየካ'ዩ። እዚ ቈጽሊ ሓበሬታ'ዚ ከኣ: ብዛዕባ ቲቢ: ከመይ ኢሉ ከም ዚሓውን እንታይ ምግባር ከም ዘድልየካን ዚነግር ሓበሬታ ዝሓዘ'ዩ።

**ቲቢ እንታይ'ዩ፧**

ቱበርኩሎሲስ (ቲቢሲ ወይ ቲቢ ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ'ዩ) *ማይኮባክተርዩም ቱበርኩሎሲስ (Mycobacterium tuberculosis)* ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ባክተርያ ዚለዓል ሕማም ረኽሲ'ዩ። ዚበዝሕ እዋን ነድሪ ሳንቡእ የምጽእ'ዩ: ግን ካልእ ክፍሊ ኣካላት ከም ጽኪ: ሎቖታ ሳንቡእ: ዓጽሚ: ሓንጎል ወይ ኩላሊት ከይተረፉ ይትንከፉ'ዮም። ምልክታት ሕማም ዚበዝሕ እዋን ድሕሪ ለበደ ነዊሕ እዋን (ኣዋርሕ ወይ ዓመት) ምስ ሓለፈ'ዮም ዚቀላቐሉ። ኣብ ቈልዑ ወይ ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣብ ዘሎዎም ሰባት ግን እቲ ሕማም ቀልጢፉ ማዕቢሉ ከቢድ ሳዕቤን ኪህልዎ ይኽእል'ዩ።

**ቲቢ ከመይ ኢሉ ይለግበካ፧**

እቲ ሕማም: ኣብ ሰናቡኦም ወይ ኣብ ሻምብቆ ትንፋሶም ቲቢ ካብ ዘሎዎም ሰባት ኪመሓላለፍ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ገዛ ሓደ ዝሓመመ ሰብ ኪስዕል ከሎ: ካልእ ሰብ ነቲ ባክተርያ ዝሓዘ ንጣብ ብኣየር እንተ ኣስተንፊስዎ ኪመሓላለፎ ይኽእል። ቲቢ ቀድም-ቀዳድም ምስ ሰብ ብምቅርራብን ንነዊሕ እዋን ኣብ ዚግበሩ ርክባትን ይላገብ። በዚ ምኽንያት'ዚ: ኣብ ሓደ ገዛ ምስ ዝሓመመ ሰብ ዚቕመጡ ዚበዝሕ እዋን ነቲ ሕማም ይቃልዑ። ወለዲ ንደቆም ከላግቡሎም ይኽእሉ፤ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽ/መሓዙት'ውን ኪለግቦም ይኽእል። ኣብ ሓጺር እዋን ዚግበሩ ወይ ነዊሕ ኣብ ዘይጸንሑ ርክባት ንኣብነት ኣብ ስራሕ ወይ ቤት ትምህርቲ: ሰብ ኪለግቦ ክሳብ ክንድ'ቲ ልሙድ ኣይኮነን።

**ሕማም ቲቢ ከም ዘሎካ ብምንታይ ይፍለጥ፧**

ልሙዳት ሳዕቤናት ሕማም ቲቢ: ሚዛን ምንካይ: ነዊሕ ዚጸንሕ ሰዓል: ለይቲ ምርሃጽ ረስንን እያቶም። እቲ ንሳዕቤን ሕማም ዚውስን: እቶም ሕማም ዘላዕሉ ባክተርያ ዚርከብዎ ክፍሊ ኣካል'ዩ። ቲቢ ኣብ ሻምብቆ ትንፋስ ዚበዝሕ እዋን ዝተናወሐ ሰዓል የላዕል። ካልእ ሳዕቤን: ከም ሕበጥ (ኣብ ጽክታት): ወይ ቃንዛ (ቲቢ ኣብ ዓጽሚ ወይ ከብዲ) ምጥቃስ ይከኣል። ምልክታት ሕማም ቲቢ: ንውሓት ሕማም ኣብ ግምት ኣእቲኻ: ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኪፈላለዩ ይኽእሉ - ካብ ምልክት ዘይብሉ ክሳዕ ጽኑዕ ምልክት ሕማም።

**ቲቢ ማዕረ ክንደይ ይላገብ፧**

ቲቢ ሳንቡእ ዘሎዎም ሰባት: ማለት ኪስዕሉ ከለዉ ኣብ ዚህብዎ ቅምሶ ባክተርያ ዚርከቦም: ቅድሚ ሕክምና ምጅማሩ ኣዝዮም ሕማም ከላብዑ ይኽእሉ። ተላባዕነት ሕማም ቲቢ: ድሮ ኣብተን ፋልሞት ሰሙናት ሕክምና ቀልጢፉ ይንኪ። ካብ ሳንቡኦም ወይ ካብ ሻምብቆ ትምፋሶም ወጻኢ ኣብ ካልእ ክፍሊ ኣካል ቲቢ ዘሎዎም ከላግቡ ኣይክእሉን'ዮም። ቲቢ ዘሎዎም ዕሸላት ቈልዑ ዳርጋ ፈጺሞም ኣየላግቡን። ቲቢ ብኽዳን ወይ ብኻልእ ነገራት ኣይላባዕን። ቲቢ ኣብ ደገ'ውን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣይመሓላለፍን።

**ቲቢ ሓደገኛ ድዩ፧**

ሕማም ቲቢ ሕክምና እንተ ዘይተጌሩሉ: እቶም ባክተርያ ንኻልእ ክፍሊ ኣካል ልሒሞም ኬጥቅዑ ይኽእሉ። ሕክምና ዘይተገብሮ ሕማም ቲቢ: ጽኑዕ መጕዳእቲ ከምጽእ: ስሕት ኢሉ'ውን ናብ ሞት ኬብጽሕ ይኽእል'ዩ። ዕሸላት ቈልዑን ድኽም ዝበለ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎዎም ሰባትን: ብቲቢ ብጽኑዕ ኪሓሙ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ይርከቡ። ኣብ ሻምብቆ ትንፋሶም ቲቢ ዘሎዎም ሰባት ንኻልኦት ኬላግቡ ይኽእሉ።

**ቲቢ ከመይ ኢሉ ይሓዊ፧**
ሕማም ቲቢ: ነቶም ሕማም ዘላዕሉ ባክተርያ ዚቐትል መድሃኒት ብምውሳድ ሕክምና ይግበሮ። ሕክምና ቲቢ ዝተናወሐ መስርሕ'ዩ፤ ንሓያሎ ኣዋርሕ ከኣ ይቕጽል። እቲ ሓኪም ዚህበካ ሕክምና ምኽታል ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ሓደ-ሓደ መድሃኒታት ብጥሙይ ከብዲ (ዚበዝሕ እዋን ሓደ ሰዓት ቅድሚ ቍርሲ) ይውሰዱ። ንሕክምና ዚወሃበካ ከኒና ከይዘለልካ ምውሳድ ከኣ ከምኡ ኣገዳሲ'ዩ። ንመምርሕታት ሓኪም ተኸተል። ኣብ ሕክምና ሸለልታ ምርኣይ: ባክተርያ ንመድሃኒት ተጻወርቲ ኪኾኑ ኪሕግዞም ይኽእል'ዩ፤ ሳዕቤን ናይ'ዚ ኸኣ: እቲ ሕክምና ጽንክር ይብል። መድሃኒት ቲቢ ናጻ'ዩ፤ ከምኡ'ውን እቲ ንኽትትል ዚግበር ምብጻሕ ሓኪም።

**ምንጪ ሕማም ምንዳይ - እንታይ ማለት'ዩ፧**
ሕክምና ኪግበረሎም ምእንቲ: ቲቢ ዘሎዎም ሰባት ኣናዲኻ ምርካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፤ በቲ ሓደ መዳይ ናይ መጕዳእቲ ሓደጋ ንምንካይ (ኣብ ላዕሊ ተመልከት)፤ በቲ ኻልእ መዳይ ከኣ: እቲ ሕማም ናብ ብዙሓት ከይላባዕ ንምክልኻል። ስለዚ: ቲቢ ዘሎካ: ምስ መን ብሓደ ትቕመጥ ከም ዝነበርካ፤ ወይ ምስ መን ከም ዝነበርካ፤ ንመን ኣላጊብካ ክትከውን ከም ትኽእል፤ ወይ መን ኣላጊቡልካ ኪኸውን ከም ዚኽእል ብዝምልከት ግድን ክትሕብር ኣለካ። ሓደ ሰብ ምልክት ሕማም ዘይረኣዮ ክነሱ: ግን ቲቢ ዝለገቦ ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

**ቲቢ ኣብ ሕጊ ምክልኻል ሕማም ለበደ እቱው'ዩ - እሞ እንታይ ማለት'ዩ፧**
ቲቢ ምስ ሓዘካ: ንኻልእ ሰብ ናይ ምልጋብ ሓደጋ ብዘየእቱ ኣገባብ ግድን ክትነብር ኣለካ።

ቲቢ ዘሎካ: ወይ ከይሀልወካ እትጥርጠር: ሓኪምካ **ንዝህበካ መምርሕታት ኣደብ ግድን ተኸቲልካ** ክትከይድ ኣለካ:-

- ተላጋቢ ዝኾነ ሕማም ቲቢ ዘሎካ:
  - ኣብ ሆስፒታል በስገዳድ ክትሕከም ትኽእል ኢኻ
  - ክሳዕ እቲ ሕክምና ካብ ሕማም ናጻ ዚገብረካን ክሳዕ ሓኪምካ ደጊም ናብ ካልእ ሰብ ከተላግብ ኣይትኽእልን ኢኻ ክሳዕ ዚብለካን: ናብ ስራሕ: ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ ናብ ንጥፈታት ትርፊ-ግዜ ክትከይድ ኣይፍቀደካን'ዩ።
- ሓኪም ቈጸራ እንተ ሂቡካ ግድን ክትመጽእ ኣለካ።
- ገዛ ትግዕዝ እንተ ኾይንካ ግድን ንሓኪምካ ክትሕብር ኣለካ።

ንስኻ ጌጋ'ዩ ትብሎ መምርሒ ኣደብ እንተ ተዋሂቡካ: ኣብቲ ትቕመጠሉ ላንድስቲን ምስ ዘሎ ሓኪም ምክልኻል ለበደ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ'ዶ ትደሊ፧**
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ቲቢ ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ መርበብ ኢንተርነት ኣሎ:-
www.1177.se
www.folkhalsomyndigheten.se

**Kontaktuppgifter *(Kontaktuppgifter)***

ስም ክሊኒክ:-

………………………………………………………………………………….

ዝረኽብካዮ:-

………………………………………………………………..…… ሓኪም *(Läkare)*

……………………………………………………………………….. ነርስ *(Sjuksköterska)*

ቴለፎን/ናብ ክሊኒክ ዚድወለሉ ግዜ:-
*(Telefonnummer/telefontid till mottagningen)*

…………………………………..…………………………………………